**EMBASSY OF ERITREA**

1708 NEW HAMPSHIRE AVE NW
WASHINGTON, D.C. 20009
TEL: (202) 319-1991, Fax: (202) 319-1304


# መምርሒ ንኣማላልኣ ቅጥዒ መሕተቲ መሬት

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ዜጋታት ካልኣይ ዙርያ ምዕዳል መሬት ኣብ ኣስመራ ከምዝጀመረ መግለጺታት ኣውጺኡ ኣሎ። ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ተጠቃሚ ናይ'ዚ 2ይ ዙርያ ምርሒት መሬት ክኸውን ዝደሊ ነቲ ኣብ ኢንተርነት ተዘርጊሑ ዘሎ ቅጥዒ (ፎርም) ብግቡእ መሊኡ ናብ ኤምባሲ ክልእኮ ኣለዎ። ኣብ ምምላእ ቅጥዒ እዞም ቀጺሎም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ።

1. ምሉእ ስም ማለት፡ ስምን፡ ስም ኣቦን፡ ስም ኣቦሓጎን ዝሓቖፈ ኰይኑ ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ ኤርትራ ወረቐት መንነት ተመዝጊቡ ዘሎ ይኸውን። ናይ መጻምድቲ እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይምላእ።
2. ስም ብዝርዝር ክጸሓፍ ኣለዎ፡ ተ/ማርያም፡ ወ/ሚካኤል . . . ወዘተ ኢልካ ምጽሓፍ ኣይፍቀድን።
3. ኣድራሻ፡ ቁጽሪን ስምን ጎደና፡ ቁጽሪ ኣፓርትማ፡ ከተማ፡ ክፍለ ሃገር፡ ዚፕኮድን ብምሉኡ ክጸሓፍ ይግባእ።
4. ክፍሊት ተጠቃምነት መሬት ብቦንድ ክኸፍሉ እንተኾይኖም ነቲ ሰርቲፊኬት ቦንድ ናብ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ወከልቲ ኤምባሲ ብምኻድ Redemption Form መሊኦም ብድሕሪት ኣብ ቅድሚ ወኪል ፈሪሞም ምስቲ ናይ መሬት ቅጥዒ ኣተሓሒዞም ይልእክዎ።
5. ንሃገራዊ ግቡእ መረጋገጺ (Clearance) ክቐርቡ ዘለዎም፡
    - ግብሪ 2% ካብ እቶት ካብ 1992 ክሳብ 2002 ዓ.ም.
    - ኣበርክቶ ንምክልኻል ሃገር፡ ካብ'ተን ሓሙሽተ ግቡኣት ወፈያ ብውሕዱ ናይ ሰለስተ ዘማልኡ፡
    - ቦንድ ዝተገዝአ እንተኔሩ ዓቐን ዋጋ $____________ ይጥቀስ።
6. ካልኣ ክቐርብ ዘለዎ ሰነድ፡ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ (ኣብ ካልኦት ሃገራት) መንነት ወረቐት ናይ ኤርትራ ዘውጽኡ፡ ቅዳሕ ናይ'ቲ መንነት ወረቐቶም ኣተሓሒዞም ክልእኩ ኣለዎም። ምስ ናይ መጻምድቶም።
7. ምስ ቅጥዒ ተተሓሒዙ ዝለኣኽ ገንዘብ ብስም Embassy of Eritrea ይጸሓፍ፡ Personal check, Money order or Cashiers check ከኣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይለኣኽ።

   EMBASSY OF ERITREA
   1708 NEW HAMPSHIRE AVE. NW
   WASHINGTON, DC. 20009
8. ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ስልኪ፡ 202-319-1991 ብምድዋል ተወከሱ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዋሽንግቶን